# ኣተኩሮ ኣብ ከብዲ ቤት . . .



**“... እምበኣር፡ ምዕባይ ቆልዓ ገንዘብ ዘይዕድጎ፡ ኣርኣያ ብምዃን፡ ምምልማል፡ ምኹስኳስ፡ ምጽል ጻል፡ ምጽራብ፡ ወዘተ፡ ዚሓትት ዓቢ ሓላፍነት እዩ።**

**ቆልዑ ክቡራት ገንዘብ ሕድሪ ከም ምዃኖም መጠን ድማ፡ ከምቲ ዋንኦም ኰይኖሞ ኺዓብዩ ዚደልዮም ምእንቲ ኺዓብዩ፡** ፍልጠት፡ ምስትውዓል፡ ጥበብ፡ **ሰለስቲኣን ኣብቲ ምዕባይ ቆልዑ ዓቢ ግደ ከም ዘለወን፡ እቲ ብዓል ሕድሪ ኺፈልጦ፡ ኣጽኒዑ ድማ ኺሕዞ ናይ ግዲ እዩ።**

**እቲ ንፍርሃት እግዚኣብሄር መሰረት ናይ እዘን ሰለስተ እዚኣተን ዚገብር ወላዲ ድማ ኸይተዓወተ ከቶ ኸም ዘይተርፍ እቲ ቃል እሙን እዩ።**

## ኣላምዶ . . . .

**ከምቲ ንሱ ሽዑ ዚነበሮ ጥበብ፡ ቅድሚኡ ይኹን ብግዚኡ ዘይነበረ፡ ሕጂ ዘየሎ፡ ድሕሪ ሕጂ’ውን ዘይህሉ፡ ንጉስ ሰሎሙን፡**

> “ንቘልዓ እታ ኪኸደላ ዚግብኦ መገዲ ኣላምዶ፡ እሞ ምስ ኣረገ ኻብኣ ኣይኬግልስን እዩ” (ምሳ 22፡6) **ይብል።**

**“ኣላምዶ” ኺብሃል ከሎ፡ ምሃሮ፡ ንገሮ፡ ተዛረቦ፡ ምዓዶ፡ ተቛየቆ፡ ግንሓዮ፡ ወዘተ ማለት ኣይኰነን። ግና ነዚ ኹሉ እዚ እኳ ዚጥርንፍ እንተኾነ “ኣላምዶ” ኺብሃል ከሎ፡ ኣርእዮ፡ ኣርኣያ ኹኖ፡ ነቲ እቲ ቘልዓ ኺገብሮ እትደልዮ፡ ከመይ ብኸመይ ከም ዚግበር ኣርእዮ፡ የስምዕ። ብኻልእ ኣበሃህላ፡ እቲ ቆልዓ ተዓዚቡ ኺገብሮ እምበር ሰሚዑ ኸተግብሮ ኣይተጸበዮ ማለት እዩ።**

**ሕጂ ምስ ቆልዑን ወለድን ዚዓዩ ሓደ ሰብ፡ ብዛዕባ ሕሉፍ ተሞክሮኡ ብምስትንታን ኺዛረብ ከሎ፡ “ሕጂ ተመሊሰ ኽርእዮ ከሎኹ፡ ንደቀይ፡ እቲ ኣነ ዝብለኩም ደኣ እምበር እቲ ኣነ ዝገብሮ ኣይትግበሩ እብሎም ከም ዝነበርኩ ደሓር እዩ ተረዲኡኒ” ይብል።**

**ብፍልይ ዚበለ ኣበሃህላ፡ ነቶም ደቁ ምሳሌ፡ ወይ ኣርኣያ ኪኾኖም ዚኽእል ገለ እኳ ይህቦም ከም ዘይነበረ እዩ ዚብል ዘሎ። ሓደ ካብቲ ምኽንያት ድማ፡ በቲ እዋን እቲ፡ ንሱ ዚገብሮ ካብ ዚነበረ፡ ኣብቶም ደቁ ዘይምነየ፡ ገለ-ገለ ኣመላትን ጠባያትን ስለ ዚነበሮ ምዃኑ ይገልጽ።**

**ቀጺሉ፡ “እቲ ሽዑ ድኣ ኣይፈልጥ ኩዎን እምበር ለካስ፡ ካብቲ ንኸይገብሩዎ ዝነግሮም ዝነበርኩ፡ ነቲ ኣነ ኽገብሮ ዝርእዩኒ ዝነበሩ እዮም ዚገብሩ። እሞ፡ ነቲ ዝብሎም ዝነበርኩ ሰሚዖም ከምቲ ዝብሎም እምበር ከምቲ ዝገበርኩዎ ንኸይገብሩ ምጽባዮምሲ ፍትሒ ዘይብሉ ጌጋ እዩ ነይሩ” ይብል።**

**እዚ ዚብሎ ዘሎ ዜመክሕ ኣይኰነን። ምኽንያቱ፡ ፍቕርን ሓልዮትን ንደቁ ስለ ዚነበሮ እዩ ከምኡ ዚብሎም ነይሩ። እሞ፡ ከምዚ ናቱ እንብልሲ ክንደይ ኰን ንኸውን? እቲ እዚ ሰብ እዚ ዚብሎ ዘሎስ ይምልከተኒዶ**

ኹን ይኸውን ኢሉ ገዛእ ርእሱ ዚምርምር ሰብ፡ ልቦና ዜርኢ ምስ ጥበብ ድማ ዚማኸር ሰብ እዩ።

ሊቃውንቲ ዜካይድዎ ጽውቕ መጽናዕትታት ብተደጋጋሚ ካብ ዚሕብሮ፡ ቆልዓ ካብ እቲ ዚተባህሎን ዚተነገሮን፡ እቲ መብዛሕትኡ ዚገብሮ፡ ነቲ ዚረኣዮ ወይ ድማ እቲ ዝተነግሮ ብዝርአ ተሰንዩ ምስ ዚለማመዶ ምኳኑ ብተደጋጋሚ ዘረጋገጽዎ ሓቂ እዩ።

ሓደ ሰብ፡ ቊጽሪ ቴሌፎን ንምዝካር፡ ኣብ ቅድሚኡ ቴሌፎን ገይሩ ኣጻብዑ ይጥቀም። እተን ዝተለማመዳ ኣጻብዑ ድማ ከምታ ዝተለማመድኦ፡ ኸይተጋገያ፡ የርእያኦ።

ንምልማድን ምምሃርን ብዚምልከት፡ ሓደ ጊዜ ብዙሓት ቆልዑ፡ ኣብ ክልተ ጉጅለ መቒሎም ኣብ ዝተፈላልየ ቦታ ኣቐሚጦም መጽናዕቶም ኣካየዱ። ኣብ ጉጅለ ቁጽሪ ሓደ ዝነበሩ ቆልዑ፡ ኣብቲ ትምህርቶም ርእዮምን ተዓዚቦምን ድማ ከም ዚለማመድዎ እዩ ነይሩ።

እቶም ካልኣይ ጉጅለ ግና፡ እቲ ዚመሃሩዎ ዚነበሩ፡ ብኣፍ ጥራይ ተነግሮም። እንተ ረስዕዎ ድማ ብመቕጻዕታዊ መገዲ ይድገመሎም። ኣብ መወዳእትኡ እቶም ኣብቲ ቐዳማይ ጉጅለ ዚነበሩ ቆልዑ እቲ ዝተነግሩዎ እኳ እንተ ረስዕዎ እቲ ርእዮም ዝተለማመድዎ ብግብሪ ኼርእይዎ፡ ኣብቲ ባህርያቶም ድማ ኼንጸባርቕ ተራእየ።

ብኣንጻሩ ኣብቲ ኻልኣይ ጉጅለ ዚነበሩ ቆልዑ፡ መብዛሕትኦም ነቲ ዚተባህሎም ዳርጋ ብምሉኡ ረሲዖሞ፡ ብግብሪ ዚረኣይዎ ነገር ስለ ዘይነበሮም ድማ ኣሸንኳይዶ ኣብ ባህርያቶም ኼንጸባርቕሲ ንኼተግብሮዎ ዚሕግዞም ግለ እኳ ኣይሓዙን።

እምበኣርሲ፡ እቲ "ኣላምዶ" ዚብል ሓሳብ፡ ነቲ እቲ ቆልዓ ኺገብሮ እትደልዮ፡ ከመይ ጌርካ ከም ዚግበር ኣርእዮ፤ ነቲ ዘርኣኻዮ ክሳዕ ዚመልከ ድማ ሰለይ ኣብሎ የስምዕ።

ቆልዓ ፍትሓኛ ኪኸውን፡ እቲ ዚበለጸ ኣብ ህይወትና ኽነርእዮ ደሓር'ውን ብቓል ኺንደግመሉ እዩ። ቆልዓን ጽላሎትን ሓደ እዮም ከም ዚብሉዎ፡ እቲ ዚበልጸ ምስ እነርእዮም እዩ።

ዝበልካዮ ኣይትጥለም፤ ቃልካ ሓሉ። መቕጻዕቲ እውን እንተ ኾነ ኣብ ግብሪ ኣውዕሎ። ኺትገብሮ እንተ ዘይደሌኻ ወይ ደሓር ጌጋ ኾይኑ እንተ ደኣ ተሰሚዑካ ኸኣ እቲ ምኽንያቱ ነቲ ቆልዓ ንገሮ። ቆልዓ እዩ እንታይ ኽይፈልጠ ኢልካ ሸለል ኣይትበሎ። ኺዕዘበካ እዩ።

ኣይትቐሸ። ውዒሉ ሓዲሩ፡ እቲ ቖልዓ ኣይኪስሕቶን እዩ እሞ፡ ደሓር ምዕራዩ ኽይጽግመካ። ከምታ ዘርኣኻዮ፡ ንዓኻ'ውን ከይቅሸሽካ። ይፈልጡ እዮም።

ሓቂ ተዛረብ። እቲ ቆልዓ ከይጸልኣካ ወይ ምግላጹ ስለ ዝጨነቐካ ዘይኰነ ምኽንያት ኣይትነግሮ። ውዒሉ ሓዲሩ ኺፈልጠ እዩ፡ ንዓኻ ድማ ኺመዝነካ እዩ። ቆልዑ ናይ ምዕዛብን ናይ ርኢኻ ምግባርን ክእለቶም ካብቲ እንሓስቦ ንላዕሊ እዩ።